Work for asylum seekers
Briefing 1: applying for permission to work
February 2022
TIGRINYA

# ሓተቲ ዕቝባ ዲኹም?
# ስራሕ ክትጅምሩ ትደልዩ ዶ?

ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣብ ሕጊ ሓተቲ ዑቕባ እተገብረ ለውጢ ገሊኦም ሓተቲ ዕቅኑባ ስራሕ ኪጅምሩ ኣይኽእሉን ማለት ኢዩ። እዚ ሓጺር ጸብጻብ እዚ ኑቶም ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበረታ ክፈልጡ ዚደልዩ ሓተቲ ዕቕባ ዘተኮረ እዩ።

ብኽብረኩም ነዚ ሓበሬታ እዚ ተጠንቂቕኩም ከተንበብዎ ሓደራ። ንተወሳኺ ሓጺር ጸብጻብ ከኣ ማይግረሽን ጃስቲስ ፕሮጀክት (Migration Justice Project) ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዝያዳ መምርሒ ክህበኩም ኢዩ። ድሕሪ ሓጺር እዋን ከኣ ትርጉም ኪርከብ እዩ።

**ሓበረታ ድሕረ ባይታ** :- ሓተቲ ዑቕባ ኪሰርሑ ብሓፈሻ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ሓተቲ ዑቕባ ከምዚ ዝስዕብ እንተድኣ ኮይኖም ጥራይ ኢዮም ክሰርሑ ዝፍቀደሎም -

<u>ሀ) ብዛዕባ ዕቅኑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ውሳነ ክሳዕ ዚግበረሉ 12+ ወርሒ እንተተጸቢኹም፣ ከምኡውን</u>
ለ) ኣብ ዝርዝር ሕጽረት ስራሕ (Shortage Occupation List) ተዘርዚሩ ዘሎ ስራሕ እንተረኺብኩም።

ይኹን እምበር መብዛሕትኡ ኣብ ዝርዝር ሕጽረት ስራሕ ዚርከብ ስራሓት ፍሉይ ናይ ክእለት ሞያ ኢዮም። ንኣብነት ከም ሲቪል መሃንድሳትን ሓካይምን ነደቕትን ከኢላታት ማለት ኢዩ። ክሳዕ እዛ ዕለት እዚኣ ሓተቲ ዝኾኑ ሰባት ግቡእ ስራሕ ኪረኽቡ ዳርጋ ኣይክእሉን ዘብል መረጋገጺ ኣሎ።

ይኹን እምበር ኣብዚ ቐረባ ግዜ ዝርዝር ሕጽረት ስራሕ (Shortage Occupation List) ኣስፋሕፊሑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን እዚ ከኣ ንኣለይቲ ሕሙማት[ንኣለይቲ ሕሙማት](ከምኡውን ተሓጋገዝቲ ኣለይቲ ሕሙማት) ዘጠቓልል ኢዩ። ኣብ ለካቲት 2022 እውን ኣብቲ ዝርዝር ክንክን [ናይ ስራሕ ሓልዮት] ኪውሰኽ እዩ። እዚ ከኣ ኑቶም ዕቕባ ዚሓትቱ ሰባት ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ይኸፍተሎም ማለት ኢዩ።

## 1. ንክሰርሕ ፍቓድ ከረከብ ብኸመይ ከምልክት እኽእል?

ንኽትሰርሑ ፍቓድ ሽዑ ሽዑ ኣይውሃብን እዩ፣ ከመይሲ ናብ ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ከተመልክቱ ኣሎኩም። ነቲ ጠበቓኹም ከምኡ ክገብረልኩም ክትሓቱ ነምሕጽነኩም። ጠበቓኹም ከምዚ ክብለኩም ይኽእል እዩ :-

ሀ) ንኽትሰርሑ ፍቓድ ንምርካብ ከተመልክቱ ብቑዕ እንተ ኼንኩም፣ ከምኡውን

ለ) ከተምልክቱ ዘይብልኩም[1] ምኽንያት እንተ ኣልዩኩም።

ብዘይካ'ዚ ኣማኻሪ ደረጃ 1 ኦይስሲ OISC Level 1 Adviser) ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ሎው ሰንተር ኖርዝ ኣየርላንድ (Law Centre NI) ማእከል ሕጊ ጠበቓኹም ወይ ኣማኻሪኹም ኺጥቀሙላ ዚደሊ ደብዳቤ ኣዳልይኩም ኣሎ።

## 2. ንኺሰርሕ ፍቓድ ኪወሃበ ዚኽእል መን እዩ?

ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ክትሰርሑ ፍቓድ ዚህበኩም እዚ ሲዒቡ ዘሎ ተማልኡ እንተ ኼንኩም ጥራይ እዩ:-

- 18 ዓመት+ ፣ ከምኡውን
- ብዛዕባ እቲ ዕቕባ ንምርካብ [2] ዝቐረብኩሞ ሕቶ ውሳነ ክሳዕ ዚግበረሉ 12+ ወርሒ ኣንተተጸቢኹም፣ ከምኡውን

[1] ፍቓድ ስራሕ ንምርካብ ኣመልኪትኩም ቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ብዛዕባ ዕቕባኹም ውሳነ ንኺገብር ኪድርኾ ከም ዚኽእል ክትፈልጡ ኣሎኩም። ገለ ካብቶም ዕቕባ ዚደልዩ ንኣብነት እቶም ኣብቲ ነዊሕ ናይ መንበሪ ሕጊ ተመርኲሶም ፍቓድ ኪሓትቱ ዝመደቡ ሰባት ንክሰርሑ ፍቓድ እንተ ዘይሓተቱ ጽቡቕ ኪኸውን ይኽእል እዩ።
[2] እዚ ከኣ ነቲ ናይ መጀመርታ ሕቶ ዕቝባን ሓድሽ ጠለብን (ፍረሽ ኣፕሊከሽን) ዜጠቓልል እዩ።

- ንስኹም ጉዳይኩም ብሰንክኹም ኣንተዘይደንጒዩ[3] ጥራይ እዩ።

ገበን ፈጺምኩም ገበንኩም ኣብ መዝገብ ገበን ምዝጉብ እንተኾነ ምሕታት ዕቕባኹም ክእበ ይኽእል እዩ።

## 3. ክሰርሕ ተፈቒዱልኩም እንተ ኾይኑ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

ኣብ ዝሓተትኩሞ ዕቕባ ዕዉት እንተ ኾይኑ ከምዚ ዝስዕብ እዋናዊ ናይ ኣሳይሉም ናይ ምዝገባ ካርድ (Asylum Registration Card) ክትቕበሉ ኢኹም ማለት ኢዩ -




- ስራሕ ተፈቂዱ ሕጂ ክትሰርሑ ትኽእል ኢኹም ማለት ኢዩ።
- ሕጽረት ኦሲሲ ፦ ማለት ኣብ ዝርዝር ሕጽረት ስራሕ ጥራይ ኢኹም ክትገብሩ እትኽእሉ።
- ዝኾነ ይኹን ህዝባዊ ማዕከን (ፓብሊክ ፋንድ)፦ ንመብዛሕትኡ ጥቕምታት ማሕበራዊ ውሕስነት (ሶሻል ሲኩሪቲ በነፊትስ) ወይ ካብ መንግስቲ ሓገዝ ኣባይቲ ክትረኽቡ ክትሓቱ ኣይትኽእሉም ኢኹም።

ዘመልከትኩሞ እንተ ተነጺጉ ምስ ጠበቓኹም ተራኸቡ።

## 4. ናይ ሃገራዊ መድሕን ቍጽሪን ( ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽሪ) መእተውን ንምርካብ ምሕታት

እዋናዊ ካርድ ምዝገባ ኣሳሉምኩም ምስ ተቐበልኩም ንሃገራዊ ቍጽሪ መድሕን ንምርካብ ከተመልክቱ ኣሎኩም።

እቲ ሓድሽ ኣስራሒኹም እውን ነቲ መእተዊ NI ዚብሃል ከተማልእዎ ክሓተኩም ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ዝኾነ ናይ ገበን ታሪኽ እንተሎኩም ክምርምር፡ ኣስራሒኹም ገበን ፈጺምኩም ገበነኛ ኣንተኾንኩም ወይ ምስ ቈልዑ ወይ ምስ ካልኦት ተነቀፍቲ ጕጅለታት ከይትሰርሑ ከም እተኸልከልኩም ኣስራሒኹም ዚሕብር መስርሕ እዩ። ምስ ተነቀፍቲ ዝኾኑ ሰባት ዚዓዩ ዝኾነ ይኹን ሰብ ቸክ ምግባር እዚ ልሙድ ኣሰራርሓ እዩ።

ድሕሪ ሓጺር እዋን ንሃገራዊ ቍጽሪ መድሕንን መእተዊ NI ብኸመይ ከም እነመልክት ዚገልጽ ተወሳኺ ሓበሬታ ክንሓትም ኢና።

## 5. ንኽሰርሕ ፍቓድ እንተ ረኺበ ዝኾነ ይኹን ስራሕ ክጅምር እኽእል ድየ?

ኣይፋሉን። ኣብ ዝርዝር ሕጽረት ስራሕ ጥራይ ኢኹም ክትሰርሑ እትኽእሉ። ኣብዚ ዝርዝር እዚ ዘይተጠቕሰ ስራሕ እንተ ረኺብኩም፡ ንስኹምን ኣስራሒኹምን ገበን ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኣብ ሕቶ ዕቝባኹም ኣሉታዊ ጽልዋ ከሕድሮ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ሕግታት ትዓዩ ከም ዘለኻ ንምርግጋጽ ሓላፍነት ኣሎኩም።

ዋላ እውን ንክትሰርሑ ፍቓድ እንተ ረኺብኩም ምቹእ ስራሕ ክትረኽቡ ኣይትኽእሉን ትኾኑ። መብዛሕትኡ ስራሕ ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ክእለት ፍሉይ ብቕዓታት ወይ ተመክሮ ዝሓትት ኢዩ።

## 6. መጻምድተይ/ብጻየይ ኣብቲ ዕቕባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞዎ ሕቶ እዩ ዚምርኰስ። ንሳ/ ንሱኸ ንኺሰርሑ ፍቓድ ኪረኽቡ ድዮም?

ኣይፋሉን። ኵሎም እቶም ዕቝባ ዚደልዩ ንክሰርሑ ፍቓድ ንምርካብ በብውልቒ ክሓቱ ኣለዎም። ወዲ 18 ዓመት + ዝኾነ ሰብኣይ ሰበይቲ ወይ ውሉድ እንተ ኣልዩኩም ኣብቲ ዕቝባ እትሓትዎ ሕቶ ዚምርኰስ እንተ ኾይኑ ንኺሰርሑ ፍቓድ ንምሕታት ካብ ጠበቓ ሓገዝ ኪሓቱ ኣለዎም።

---

[3] እዚ ማለት ድማ ኣብ ኵሉ እቲ እተመደበልካ ቓለ-መጠይቓትኩም ተኻፊልኩም ንቤት ጽሕፈት ሆም ኦፊስ ዝተሓተትኩሞ ሓበሬታ ሂብኩም ክትኮኑ ኣሎኩም።

### 7. ክሰርሕ ፍቓድ እንተ ተቐቢለ ንኽንደይ ዚኣክል ግዜ እዩ ዚቕጽል?

ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ወይ ከምሓድሽ ሕቶኹም እንተ ተኸልኪሉ እሞ ዝኾነ ይኹን ይግባይ ናይ ምባል መሰል እንተድኣ ተወዲኡ ንክትሰርሑ ዘሎኩም ፍቓድ ክውዳእ ኢዩ። መንግስቲ እቲ ክንክን ዚግበረሉ ኣማራጺ ኣብ ፈለማ ን12 ወርሒ ጥራይ ከም ዝኸውን ይሕብር።

### 8. ንኽሰርሕ ፍቓድ እንተ ድኣ ተቐቢለ ስራሕ ክረክብ ኣሎኒ ድዩ?

ኣይፋሉን። ስራሕ ክትረክብ ፍቓድ እንተ ተዋሂቡኩም ስራሕ ክትረኽቡ ናይ ግድን ክኸውን ኣየድልን እዩ።

### 9. ክሰርሕ ፍቓድ እንተ ተቐቢለ ግብሪ ክኸፍል ኣሎኒ ድዩ?

እወ። ኩሉ ዚሰርሕ ግብሪ ኪኸፍል ኣለዎ። እዚ ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ደሞዝ ብቐጥታ እዩ ዚጐድል።

### 10. ስራሕ እንተ ጀሚረ ነቲ ናይ ናስ (NASS) / ዕቕባ ዚህበኒ ደገፍ ክዕቅቦ እኽእል ድየ?

ስራሕ እንተ ጀሚርኩም ናይ ናስ ዕቕባ ደገፍ መሰልኩም ክትስእን ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ዚገልጽ ተወሳኺ ሓበሬታ ክንሓትም ኢና።

**ቀጺለ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**

ብእተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ንጠበቓኹም ኣዘራርብዎ። ብዛዕባ ናይ ስራሕ ንሓተቲ ዑቕባ ካብቲ ኣብ ማእከል ሕጊ ዚርከብ ፕሮጀክት ፍትሒ ስደተኛታት (Migration Justice Project at Law Centre NI) ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኹም ርአዩ።

ምኽሪ መስመር ስደተኛታት:- ስልኪ: 028 9024 4401
ሰኑይ – ሓሙስ
9.30 ንግሆ–1ድሕሪ ቀትሪ ን 2 – 4.30ድሕሪ ቀትሪ